# ናበይ ኣበለ ቅያኻ ተጋዳላይ ትማሊ !!

ከምዘይነበርካ ትማሊ እምባ ተንቅቅ ኣርሓ ተሳባሪ
ምኩሓት ተምበርክኽ ተስግድ ብክሳድ ዓታሪ
ኣኻውሕ ትገምዕ ተምክኽ ትስንጥቕ ንባሕሪ
ንርሑቕ ቀረባ ትጥምት ትመዝን ናይ ራህዋ ሓባሪ
መስተንክር ትሰርሕ ትሓልፍ ክትዕቅብ ንሕድሪ።

ንዓንዴል ተመቕር ትሰግር መስገደል መጻብቦ
ዕርቃን ጥምየት ትጻወር ትሓድር ኣብ ኩርኳሕ ኣብ ጎቦ
ምእንቲ ሰላም ሓርነት ትብጆ እው ንክብረት ዓደቦ
ደሚኻ ቆሲልካ ከም ሂወት ብሂግካ ንስውእ ክትስዕቦ።

ናበይ ኣበለ ቅያኻ ብጽንዓት ተሳሒሉ ብትብዓት ዝልለ
ወራር ኣብ ልዕሊ ወራር መኪቱ ሃገር ዝተኸለ
እው'ቲ ምዑት ቅያኻ ዘራያት ከድንን ዝዋዓለ
ዕቡያት ዘራጽም መትከልካ ናይ ፍትሒ ዋሓለ።

ናበይ ዳኣ'ሞ ኣበለ ቅያኻ

ምልኪ ሳዕሪሩ ገንፊሉ ንስኻን ትትክዝ ትዝንግዕ
ቅዋም ክመውት ትም ኢልካ ትዕዘብ ዕሽል ደም ክነብዕ
ጀሆ ተታሒዙ መንእሰይ ቅያኻ ከይወርስ ከም ጊላ ይለፍዕ
ልዕልና ሕጊ ከይሰፍን ተጽቅጥ ሓፋሽ ጸጋ ሓርነት ከይጎስዕ
ግዜኣኺሉ መድሕን ክትኮኖ እነሆ የማዕዱ ንስምካ ይጽውዕ።

ረመጽ ኮይንዎ ቤቱ ተለብሊቡ እፎይታ ስኢኑ ብእሾኽ ኳኺቶ
ኣፉ ተዓቢሱ ተሓሪሙ መሰል ሕቶ ኮነ ከይልግስ ሪኢቶ
ብምልኪተዳሂኹ ይነብር ዋልታ ስኢኑ መሬት ጸቢባቶ
ጸሩራ ትደራርብ ትዕመት ሃገር ክፋሓቕ ብእልፊ ገባቶ
ናጽነት በርዒኑ ተሪፉ ተጨውዩ መስል ናይ ሓርነት ሕቶ።

እው ሕጅስ ይኣክል ሂወት ሓሲሙ ንስኻን ድቃስ ኣኽቢድካ
ህዝቢ ይጸንት ሃገር ትጠፍእ ትዓኑ ከለኻ ብደውካ
ሽዳ ደርቢኻ ፒክኣብ ተሸከርክር ትነብር ርእስኻ ኣድኒንካ
ኣብ ርሱን እምኒ ቀጭቅጭካ በርኩትካ ከምዘይ ተመገብካ
ቁልዋ ክትፎ ተኾምስዕ ልሳንካ ትዓጽፍ ስውኣት ረሲዕካ።

ከም ንብረት ትላዓል ትቅመጥ ትድስክል ደምካ ብውዕዩ
ብጻይካ ክልቐም ክህደን ክስወር ፍትሒ ሰላም ደልዩ
ንስኻን ተጣቕዕ ክትነብር ኣያ ከይቕየም መብጸዓ ተጎስዩ
ሓለፋ ክትድልብ ሕልና ተዕርብ ህዝቢ ማሲኑ ነዊሑ ስቓዩ።

ርብዒ ዘመን ሓሊፉ ክንብል ብሎሚ ደኾን ይሓልፍ ጽባሕ
ቓንዛ ኮይኑ ናብራ ሓፋሽ ብሓለንጊ ምልኪ ክግረፍ ክግናሕ
ይኣክል በል ማኣዲ ፍትሒ ብሰላም ቆሪሱ ብሰላም ክምሳሕ
ኣርሒቕካ ጓሓፎ ዓመጸኛ ምስጢሩ ክትንተን እከዩ ክኽሻሕ።

ልዕሌኻ የለን ኣራሚ ዓገብ ዝብል ሕጊ ንዝጥሕስ
ፍትሒዘውሕስ ሓርነት ዝኹልዕ ምልኪ ዘዕኑ ብትብዓት ዘፍርስ
ናይ ግድን ኣይኮነን ጉራዴ ክትመዝዝ ጥይት ክትትኩስ
መሳርዕካ ኣስምር ብሓደ እምቢታ ተላዓል ኣነነት ከልግስ
ብደሆ ክብል'ዩ ውጹዕ ሓፋሽ ካብ ነቀልካ ንብዓቱ ክትሕብስ።

ርሑስ ሓድሽ ዓመት ዓመተ ሰላም
ዓመተ ፍትሒ ይግበረልና።

ዓ/ከሪም (ሱዳን)